# <u>ትንታነ ዜና</u>

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ኤርትራ ሓደ ሓድሽ ሃዋህው ተኸሲቱ፡ንሱ ድማ ኣብ ርእሰ ኸተማ ኣስመራ ዝተፈጸመ፡ ልዕሊ ላዕለዋይ ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት ዝተገብረ ናይ ቅትለት ፈተነ'ዩ።እዚ ተርእዮ ድማ ኣብ ዓለምለኻውያን መርበብ ሓበሬታትን፡ዝተፈላለዩ መራኸቢ ብዙሃንን ጎሊሑ ቖንዩ።

እቲ ሓደ ካብቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ድሕነት ኮምሽነር ፖሊስ ኤርትራ ዝኾነ ኮኔሬል ስምኦን ገብረድንግል ብዕለት 13 ናይዚ ወርሒ'ዚ ዓርቢ ምሸት ኣብ ከባቢ ባር ኣኸሱላ ዝርከብ ኣፍ ደገ ገዝኡ ብዝተገብረሉ ናይ ቅትለት ፈተነ ብ4 ጠያይቲ ብኸቢድ ተወጊኡ። ። እቲ ፈተነ ቕትለት ዝገበረ ሰብ ክሳብ ሕጂ ኣብ ቀይዲ ኣይኣተወን። ብድሕር'ዚ ፍጻመ፡ ኣስመራ ብወተሃደራት ከምዘዕለቕለቐትን መንነት ሰባት ንምሕታት ድማ መንገድታት ኸምዝተዓጽዉን ኣብታ ከተማ ናይ ምርባሽ መንፈስ ከምዝተደባነወን ኽፍለጥ ተኻኢሉ'ሎ።

ኮለኔል ስምኦን ገዲም ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባርን ንነዊሕ ጊዜ ኣብ ስለያዊ ንጥፈታት እቲ ግንባር ክነጥፍ ዝጸንሐን ድሕሪ ናጽነት ንኮለኔል ሚኪኤል ገብረንጉስ ተኪኡ ኮምሽነር ፖሊስ ኤርትራ ኮይኑ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ትካል ሃገራዊ ድሕነት ተሳሒቡ ኣብ ትሕቲ ብርጌደር ጀነራል ኣብረሃ ካሳ ክሰርሕ ጸኒሑ።

ኣብ ገድሊ ዝፈልጥዎ ሰባት ከምዝሕብርዎ ኣብ ገለ እዋን ምስ ናይቲ እዋን ሓላፊ ክፍሊ ጸጥታ እቲ ግንባር ዝነበረ ተጋዳላይ ጴጥሮስ ሰሎሙን ምትህልላኽ ከምዝነበሮን ምናልባት'ውን ካብዚ ብምብጋስ ኽኸውን ይኽእል ኣብ ምእሳርን ምፍርራሕን ጉጅለ 15ን ተደናገጽቶምን ሓደገኛ ግደ ዝተጻወተ ይብሉ። ስምኦን ገብረድንግልን ጴጥሮስ ሰለሙንን ኣብ መንጎኦም ኣወንታዊ ርክብ ኣይጸንሓን፡እዚ ድማ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ምፍሕፋሕ ኸምዝነበረ እዩ።ካብ መስከረም 11 ጴጥሮስ ካብ ዝታአሰረሉ ግዞ ኣትሒዙ ስምኦን ካብ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ተፈታውነት ክህልዎ ጀሚሩ። ስለዚ ስምኦን ኩሉ እዋን ንጴጥሮስ ከጥቅዮ ይሕልን ስለዝነበረ፡ኢሰያስ ድማ ነዚ ተገንዚቡ ንስምኦን እዚ ሒዝዎ ዘሎ ስልጣን ሂብዎ።

ብዛዕባ መበገሲ ፈተነ ቅትለት ኮለኔል ስምኦን ገብረድንግል ዛጊት ዝተነጸረ ጉዳይ የለን፡ግና ኣብዚ፡ቐረባ እዋን ዝረኣዩ ዘለዉ ናይ ምስሕሓብ ውጽኢትን፡ናይ ማእሰርቲ ሃዋህውን ተበጊሶም ብዙሓት ተንተንቲ መብርሂታቶም ይህቡ ኣለዉ፡፡ንሶም ምስቲ ናይ ፈተነ ቕትለት ድራማ ምትእስሳር ኣለዎም ዝበሃሉ ዘለዉ ተዋሳእትን ትርእዮታትን ምስ ድሕረ ባይታ ኣመቓሪሖም ይትንትኑ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ኩሎም ወትሃደራዊ ሰብ መዚን ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ህግደፍን ምስ ኣብቲ ዓዲ ዘለዉ ዓበይቲ ነጋዶ ብምትሕብባር ዝተፈላለየ ወፍሪ ከካይዱ ከምዝጸንሑን ንኣብነት ሳምሶም ወዲ ቐሺ ዝበሃል ነጋዳይ ምስ ጀነራል ገረዝግሄር ዓንደማርያም(ውጬ) ናይ ሓባር ስምምዕ ከምዘለዎም ይገልጹ። ከም መርኣያ ናይዚ ኣብ መንጎ እዞም ክልቲኦም ዘሎ ኪዳን፡ይብሉ እቶም ምንጭታት እቲ ጀነራል ዘለዎ ስልጣን ተጠቒሙ ነቲ ነጋዳይ ክሕልዎን ንብረት ዜጋትት ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ኣብ ምምንዛዕን ዘይቅረጽ ንብረት ካብ ወጻኢ ናብ ውሽጢ ሃገር ኣብ ምእታውን ክተሓባበር እንከሎ እቲ ነጋዳይ ድማ ከም መርኣያ ናይዚ ተግባር ነቲ ጀነራል ውዕለቱ ብገንዘብ  ከምዝረክብ ይገብር ማለት እዩ ይብሉ።

ንሶም ከምዝብልዎ ኣብዚ እምበኣር ኣብ ክልተ ዝተገምዐ ብጥቕሚ ንግዲ ዝተተሓሓዘ ብቐንዲ ሓለፍቲ መንግስቲ ዝምራሕ ጎጅለታት ከምዝጸንሐ ኣብዚ ቐረባ እዋን ተቓሊዑ’ሎ።

በቲ ሓደ ወገን፡እቲ ኣብ ናይ ንግዲ ዓለም ኣብ ሓጺር እዋን ብሓገዝ ጀነራል ፊሊፖስን ተኸላይ ሃብተስሉስን ሃብቲ ከኻዕብት ዝኸኣለ መንእሰይ ምውት ፍቅረማርያም ዓንደማርያምን እቶም ምስኡ ናይ ንግዲ ኪዳን ዘለዎም ብፊሊፖስን ተኸላይን ዝምራሕ ጉጅለ እዩ።

በቲ ኻልእ ወገን ድማ ብውፅኡን ኮሚሽነር ፖሊስ ዓፋንን ሳምሶን (ወዲ ቐሺ) ዝተባህለ ነጋዳይ ወይ ኣብ ኣስመራ ብናይ ሲቪል ጀነራል ዝፍለጥን ብሓገዝ ውፅኡ ኣብ ናይ ንግዲ ዓለም ዝዓበየን ዝምራሕን እዩ።

እቶም ምንጭታት ካበዚ ብምጋስ  እቲ ኣብዚ ቕናያት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝሞተ መንእሰይ ነጋዳይ ፍቕረ ምስ'ቲ ብውፅኡ ዝምራሕ ጉጅለ ዘይምርድዳእ ኣጋጢምዎ ክኸውን ከምዝኽእልን ከምሳዕቤኑ ድማ ኣብ'ቲ ሽላ ተቐቲሉ ክኸውን ከምዝኽእልን ጥርጠርኦም ይገልጹ።ብድህርዚ ድማ መሻርኽቲ ምዉት ፍቅረማርያም ዝኾኑ ሜጀር ጀነራል ተኽላይን ሜጀር ጀነራል ፊሊፖስን እቲ ቕትለት ብደቂቕ ክጻረይ ሓቲቶም።ብድሕርዚ ብኮሎኔል ስምኦን ገብረድንግል እትምራሕ ኮሚቴ ነቲ ጉዳይ ክትምርምር ከምዝተመዘዘትን እታ ኮሚቴ ኣብ ዘካየደቶ ምጽራይ ድማ ምስ ነጋዳይ ሳምሶን(ወዲ ቐሺ)ን መራሕቲ ጉጅልኡን ዝተሓሓዝ ነጥብታት ምስረኸበት ውጽኢት ናይቲ ምርመራ  ክመጽኦ  ንዝኽእል ፍርሕታት ብምግምጋም ድማ ብውፅኡ እትምራሕ ጉጅለ ንኮለኔል ስምኦን ናይ ቅትለት ፈተነ ኸምዝተገብረሉን ይእምቱ።

ኣብዚ እዋን ዝተራእየ ኹነታት እነተሎ እምበኣር፡ ናይቲ ናይ ቅትለት ፍጻሜ መራሒ መደብ ዝነበረ ተታሒዙ ክሃድም ምስፈተነ ተቐቲሉ ኣሎ። ኣብዚ እዋን ጥራይ ብጥርጠራ ጥራሕ ኮንትራክተራትን ካልኦት ብዙሓት ንጹሃት ዜጋታት ይዳጉኑ ኣለዉ። ከም በዓል ሳምሶም ወዲ ቀሺ፡ ወዲ ጉላይ ኣመሓዳሪ ደቀምሓረ፡ ወዲ ፖሊስ (ክፍሊ ጸጥታ)ን ፡ ካልኦት ናይ ምክልኻል ኣዘዝቲን ተዳጉኖም ኣለዉ።እታ መኪናን ቀንዲ ፈጸምቲ ናይቲ ቕትለት ግና  ኣይተረኽቡን፡፡

ብዘይካዚ ድሕሪ ሞት መንእሰይ ምስ ሞተ ብውሕዱ 7 ዝኾኑ ኮሎኔላት ካብታ ሃገር ከምዝሃደሙን እዚ ድማ ምስ ንግዲ ዝተኣሳሰር ስምምዕ ክህልዎም ይኽእል'ዩ ዝብል ግምታት ኣሎ።

እዞም  ኣብ'ዚ እዋን እዚ ኣብ ልዕሊ ሓለፍቲ መንግስቲ ዝቕልቀሉ ዘለዉ ናይ ቅትለት ፈተነታት ንመጀመርያ ግዜ ዝረኣዩ ዘለዉ ዘይተለምዱ ፍጻመታት'ዮም።